# ኤርትራውያን ነበርቲ ማእከል ጀርመን
# ብዕለት 27.4.2014 ዕዉት ሰሚናር ህዝባዊ መኸተ ኣካይዶም

*ብዕለት 27.04.2014 : ኤርትራውያን ነበርቲ ማኣከል ጀርመን : ብፈ/ሽ/መኸተ ጀርመን ዝተወደበ "መኸተና ንምዂላዕ መንነትና" ዝብል እዋናዊ ቴማ : መንእሰያት ብብዝሒ ዝተሳተፈሉን ዕዉት ሰሚናር መኸተ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣካይዶም ::*

*ብዝከረሰማኣታት ዝጀመረ ሰሚናር : ብኣደ/ወንበር ኣ/ሽ/መኸተ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ው/ሮ ሳባ ስዩም : ንተሳተፍቲ መኸተ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቃልን ንውዳቤኡን መደባት ናይ'ቲ ሰሚናር ኣመልኪታ ዝርዝራዊ መብርሂ ድሕሪምሃብ ንኣሳልጦኡ ሰናይ ትምኒታ ገሊጻ :ንወደብት ኣዳለውት ከኣ ልዑል ምስጋና ኣቕሪባ ::*

*ኣ/ወንበር ፈ/ሽ/መኸተ ጀርመን : ኣቶ መድሃኔ ተስፉኣለም : ንመንፈስን ትሕዝቶን ናይ 2014 መደባት መኸተ ጀርመን ኣመልኪቱ ዝሃቦ ሓብሬታ : ኣብ ዓመተ 2014 ዓ.ም ብኖርድራይንቬስትፋለን ዝጀመረ ሰሚናር መኸተ : ኣብኩሉ ዞባታት ጀርመን ተመሳሳሊ ክካየድ ምዃኑን : ዕላማ'ዚ: መኸተ : ሓድንትና ኣሓይልና መንነትና ክንዂልዕን : ኣብ ለዕሌና ዝካየድ ዘሎ ዝተፈላልዩ ስነ/ኣእምሮኣዊ ኲናትን ሽርሕን : ገጢምና ክንስዕሮምን : ዓቅምታትና ኣብ ወፍሪ ለመዓት ሃገር ከነዛይድን : ስለዝኾነ ሎሚ'ውን ከምትማሊ ተውለ ኢለና ውዳቤና ኣሓይልና ኩሉ ዜጋ ኣጃሙ ምስዘበርክት ነቲ ሞቱ ቀሪቡ : ዝስሓግ ዘሎ ዓማጺ እገዳ : ጨሪሹ ከምዝቕበር እምነቱ ገሊጹ ::*

*ወኪል ህ/ኮ/ጕዳያት ኤምባሲ ኤርትራ : ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ : ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪን : ፍትሕን ሰላምን ዘለዎ ቅሩብነት ብኣብነት ዝጥቀስ ምዃኑን : እዚ ናይሎሚ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ መኸተ መቐጸልታኡ ኮይኑ : ኣብ ኩሉ ጕዕዞታትና ትኩራት ክንከውንን : ነቲ ብቃልስናን ጽንዓትናን ዘማህመንናዮ ዘይሕጋዊ እገዳ ንሓዋሩ ንኽቕበር መሳርዕና ኣሕይልና ሓድነትና ኣስጢምና ዳግማይ ቅያ ከምንሰርሕ ዘለዎ ሓያል እምነቱ ድሕሪ መግላጽ ዕዉት መኸተ ክካየድ ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹ ::*

*መንእሰይ ሄለን ተስፋኣለም ካብ መንእሰያት ህግደፍ ጕ/ፍራንክፈርት ከምኡ'ውን ኣባል ፈ/ሽ/መንእሰያት ህግደፍ ኣውሮጳ መንእሰይ ሰምሃር ተኸስተ : ሓላፊ መንእሰያት ህገደፍ ኣብ ኣውሮጳ : መንእሰይ ቴድሮስ ጐይትኦም : ንንጥፈታት መንእሰያት ኣብ ኣውሮጳ ኣመልኪቶም ::*

*ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሑ ከምዘሎን : ስለዝኾነ 10 ይ ዋዕላ መንእሰያት ኣብ ስዊዝ ዝተኻየደ ብድሙቕ ዓወት ምዝዛሙ : ውጽኢት ሓባራዊ ቃልሲ ዘካየድናዮም ምዃኑ ክብሉ ገሊጾም : ኣብቲ ዋዕላ ተሳትፎ መንእሰያትና ጀርመን ሓያል ምንባሩን : ሐጂውን ንመብል 11 ዋዕላ ኣብ ጀርመን ክካየድ ምኻኑን ንምዕዋቱ ጻዕርታትና ከነዛይድን : እዚ ኣብ ስዊዝ ብዋርሳይ ዝፍለጥ እናሓየለ ዝመጽእዘሎ ውዳቤ መንእሰያት ኣብጀርመን'ውን ብዝበለጸ ክድፍኣሉን ጻውዒት ኣቕሪቦም::*

*ቀጺሉ ዝቐረበ ኣስተምህሮ ብዶ/ር ኣማኒኤል ትኩእ "ፖለቲካ ተርእዮታት ድሕሪ 2000 ዓ.ም. ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤሪትራውያን ማለት ድሕሪ ወራር ወያነ"„The Eritrean Politcal Scenario In Eri-Diaspora after 2000 i.e. After The Invasion of Weyane" ዝብል ዛዕባ ኮይኑ : ስነ/ፍልጠታውን ብቕልል ዝበለ ኣገባብን ብተምሳል ዝመኸኑን ዝፈርዩን ; ተጻባኣቲ ነፈርትን ለምምታን. ንተግባራትን ሕልምታት ወያነን ኲራዂሩን ዝሸሸሕን ሓላፍነት ዘሰከምን : በቲካልእ መዳይ ብተምሳል ጻዕራምነትን ፈርያምነትን ሓያል ምክልኻልን ንህቢ : ዘይተጸዓድነትን ጥሙር ሓድነትን መኸተን : ኣብቃልሲ ዕዉት ኣብ ህንጸት ሃገር ብኣብነት ዝጥቀስ ምዃኑ ህዝቢ ኤርትራ : ንኹሉ ብዝርድኦ ኣገባብ ኣስተምህሮ ኣቕሪቡ: ካብ ህዝቢ ክብዝበለ ናኣዳ ረኺቡ ::*

*ቀጺሉ ዝሰዓበ መደብ ሰሚናር: ብክኢላ ሕጊ ዝኾነ ኣቶ ኣድም ያስማን ካብ ስዊዝ : ትርጉም ናይ ሰብኣዊ መሰል እንታይ ምዃኑን ብደረጃ UN ምኣስ ከምዝተጀመረን ነቲ ዝተመስረተሉ ዕላማ ከምዘይሰርሐን ሓፍሻዊ ሓበሬታን መብርህን ድሕሪ ምሃቡ ብሰብኣዊ መሰላት ኣመሳሚስካ ዝቐርበልና ክስን ካልእን : ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣምበርኪኽካ ረብሓታትካ ምቅዳም'ዩ እቲ ዕላማ : እቲ ዘገርም እቶም ወከልቲ ናይዞም ሰብ ፍሉይ ረብሓ ሃገራት ሒዞም ዝመጹ ልኡኽ ከተግብሩ ኣንተዘይኮይኑ : ኣብ ጭብጢ ምስመጻእካ ክምልሱ ዘይክእሉን ምዃኖም'ዩ : ኣዚ ከኣ ዝረብረብናሉን መቐጸልታ ናይ ዝሓለፉ ሸርሕታት ምዃኑን : ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንመደባቶም ብግቡእ ነቒሖሉ ይምክቶም ምህላዉን : ንቀጻሊ'ውን እንተኾነ ፍትሒ እንኮ ካብ ጽንዓትናን መኸተናን ከምዝርከብ ምዃኑ ሰፊሕ መብርህን : ንዝቐረበ ሕቶታት ብህዝቢ ዘዕግብ መልስታት'ውን ሂቡ ::*

*ዘቕጸለ ኣስተምህሮ : ብስነ/ጥበባውን ተመራማሪ ባህልን መንነትን ዝኾነ መምህር ሰለሞን ጸሃየ ካብ ኤርትራ*

ዝመጻ ኲይኑ : ትሕዝቶ ኣስተምህሮኡ : ”እቲ ካብይ ከምዝመጸ ዘይፈልጥ ናበይ ከምዝኸይድ’ውን ኣይፈልጥን ” ብዝብል ጥቕሲ ዝጀመሮ ኣርእስቲ : ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ባህልን ወግዕን ቀዳሞት ወለድና ከመይ ከምዝነበረን : ንማዕዳን ምኽርን : ንመጕስን ነቕፌታን : ንሓበሬታን ፍቓርን : ንፍርድን ፍትሕን : በቲ ውሁብ ከኢላዊ ዓቕሞም ከምይ ይናበሩ ከምዝነበሩ በቲ መሳጢ ኣቀራርባኡ ንተሳታፋይ ኣኣንጊዱ : ስልዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ከም ጥሙር ህዝብን : ብቃልሱ ዝትጐናጸፎ ናጽነትን ህያው ኮይኑ ንኽነብር ባህሉን ያታኡን ወግዑን ታሪኹን ፈሊጡ ኤርትራዊ መንነቱ ንዝቅጽል ወለዶ ከመሓላልፍ ሃገራዊ ግዴታኡ ምዃኑን : እዚ ምስዘይትግበር ግን ካብ ትሓታትነት ከምዘየምልጥ ብምዝኽኻር : ንትግባረኡ ድማ ግዜን ቦታን ዘይፈሊ : ኣኳ ድኣ ኣብ ዓዲ ዓና ዘሎ ኣበርቲዑ ክቃለሶ ዘለዎ ድርብ ሓላፍነት ምዃኑ ተላብዩ : ግዜ ስለዝሓጸረ ተሳታፍይ ንዝቐረበ ኣስተምህሮ እናሃረፎ በዞም ቀጺሎም ዝሰዕቡ ናይሓባር ውሳኔታት ብምሕላፍን ብሃገራዊ መዝሙር ሰሚናር ብዓወት ተዛዚሙ ::

ሓባራዊ ናይ ህዝቢ ውሳኔታት :

1. ብመሰረት ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ : ስርዓት ወያነ ካብ’ቲ ጐቢጡ ሒዝዎ ዘሎ ለዑላዊ መሬት ኤርትራ ብዘይ ውዓል ሕደር ሰራዊቱ ክስሕብ እንዳኣዘኻኸርና : ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባራቱ ኣጥቢቕና ንኹንን ::

2. ምምሕዳር ኣሜሪካን ሰዓብቱን : ንምስልና ኣደዊኖም : ሕብረ-ተንኰላት እናቐየርካ ሓድነትና ኣላሕሊሕካ ኤርትራዊ መንነትና ኣብ ሓደጋ ንምውዳቕ ኣብ ልዕሊና ዘካይድዎ ዘለዉ ዘመተ ስነ/ኣእምሮኣዊ ኲናት : ብኤርትራዊ ኒሕ ገጢምና ከምነፍሽሎ እንዳኣረጋገጽና : እዞም ሓያልታት ኣብ ሃናጺ ጽምዶ ብምትኳር ንሰላምን ምርግጋእን ነዚ ብኲናት ትሓሚሱ ዘሎ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክሰርሑ ንጽውዕ ::

3. ብ § 1907 § 2023 ዝፍለጥ: ኣብ ልዕሌና ዝተበየነ ዘሕንኽ ዓማጺ እገዳ : ብጽንዓትናን መኸተናን ከምዘይንክስ ኣስናኑ ረጊፉ’ኳ እንተሎ : ንኽልዓል ኣጥቢቕና እናጸዋዕና : እገዳ ትንፋስ ንኽረክብ ብጭፍራ ወያነን ጐይቶቱን : ንኰንቱ ጻዕርታቶም ብምግንዛብ : ትኲረትና ኣዛይድና ውጥናቶም ንምፍሻል ተቢዕና ክንገጥም ሃገራዊ መብጽዓና ነሐድስ ::

4. ኣውሓስቲ ውዕል ኣልጀርስ : ውድብ ሕ/ሃገራት : ምምሕዳር ኣሜሪካ : ሕብረት ኣውሮጳ : ሕብረት ኣፍሪቃን : መንግስቲ ኣልጀርያን : እዛ እንነብረላ ሃገር ጀርመን : ስርዓት ወያነ ውሳን ኮሚሽን ዶብ ብግብሪ ንኽቕበል ከገድዱን : ንዝኣተውዎ መብጽዓ ከኽብሩን ብትሪ ንዝኻኽር ::

5. ነቲ ንኣፍረይቲ ዜጋታትና ብሓፈሻ : ብፍላይ ከኣ ኣብ መንእሰያትና ዝቕንዐ ጐስጓስ ጥፍኣትን ግዳይ መቕዘፍትን ህልቂትን : ንዘይሕጋዊ ሰግረ-ዶብ ( Humantrafficking ) ኣዋዲድካ : ንሃገርና ኣብ ቍጠባዊ መዋጥር ኣእቲኻ ንምምብራከኽ ዝካይድ ዘሎ ሸርሒ ኣጥቢቕና ንኹንን ::

6. ግዳያት ላምፔዱዛ ዝኾኑ ዜጋታትና : ሬሳታቶም ኣብ ሃገሮም ተመሊሱ ክቡር ሓመድኣዳም ክለብስ : ብመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዝቐረበ ሕቶ! መንግስቲ ጣልያን ክሳብ ሕጂ መልሲ ዘይምሃቡ እናኾነንና : ሓላፍነቱ ከተግብር ደጊምና ንጽውዕ ::

7. ነቲ መንግስትና ንማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ብነፍሰ-ሙርኰሳ ተውለ ኢሉ ዘካይዶ ዘሎ ወፍሪ ልምዓትን ካልእ እዋናውን መጻእን መደባት ሃገር እናሞጐስና : ኣብ ሃገራዊ ልምዓት እጃምና ከነበርክትን ኣብጐድኑ ምህላውና ነረጋግጽ ::

8, መንግስትና ካብ’ቲ ብዞባን ኣህጕርን ሓቢርካ ምስራሕ ዝብል ኣምር : ናይ ህዝብታት ምዕባለን ሰላምን ከምዘረጋግጽ ብመትከል ኣሚኑ : ዘካይዶ ዝነበረን ዘሎን ንጡፍ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ነሞጕስ ::

9, ደኺምና ረብሪብና ከይበሉ : ሃገር ንምምዕባል ኣብ ውፍሪ ልምዓት : ሃገር ከይትድፈር ኣብ ሓለዋ ወፊሮም ዘለዉ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እናኣሞጐስና ወትሩ ኣብ ጐድኖም ምህላውና ነረጋግጽ ::

10, ሓድነት እቲ ዘይንቕነቕ ሓይሊ እዩ : ስልዝኾነ ኣብ ዝሓለፉ ተሞኲሮ ቃልስና : ነዚ ፍልስፍና : ኣብ ነገራዊ ሓይሊ ቀይርና : ብርቂ ዓወታት ጨቢጥና : ሎሚ’ውን ካብቲ ውህሉል ተሞኲሮና ብምሙርኳስ ንሃገራዊ ቅያ : ሓድነትና ኣስጢምና ኣብ መዓልቦኡ ከምነብጽሖን : ሕቶ ሃገራዊ መንነት : ሐቶ ህላወ ከም ምዃኑ መጠን : ብሓሳብ ብግብሪ ንመንነትና ንምኹላዕ ከምወትሩ ድሉዋት ኣለና ::

መኸተና ንምኹላዕ መንነትና !

ብግብርን ብሕልናን ሰማእታትና ይዘከሩ !

ዕለት 27.04.2014 ተሳተፍቲ ህዝባዊ መኸተ ከተማ ፍራንክፈርት

ዓወት ንሓፋሽ !